Folkhälsomyndigheten

Tigrinja

# እዚ ዓመት'ዚ ናይ ጽድያ በዓላት ኣበዓዕላና ፍልይ ኪብል'ዩ

## ኣብ ቅድሚኡ ብዙሓት በዓላት'ዮም ተሰሪዖም ዘለዉ፡- ፋስጋ፡ ራማዳንን ዒድ ኣልፋጥርን፡ ፔሳኽን፡ ካልኦት ብዙሓት በዓላትን'ዮም። እዚ ዓመት'ዚ ግን ኣበዓዕልኦም ከም ቀደም ኣይኮነን'ዩ።

## ኣብ ክንዲ ምስቶም ነፍቅሮም ሰባት ተራኺብና ነብዕል፤ ካብ ኣብ ነንሕድሕድና ለበዳ ምትሕልላፍ ክንከላኸል ይግብኣና'ዩ። ብዝተፈልየ'ኳ ድኣ፡ ነቶም ብኸቢድ ክሓሙ ዚኽእሉ ኣረጋውያንና፥ ክንከላኸለሎም ይግብኣና እዩ።

## ነዚ ምልባዕ "ኮቪድ-19" ኣብ ሽወደን ሓቢርና ክንቆጽዮ ንኽእል ኢና።

**ነዚ ዚስዕብ ዅላትና ክንገብሮ ንኽእል ኢና፦**

- ዋላ'ኳ እቲ ሕዙካ ዘሎ ጉንፋዕ ቀሊል ውን እንተኾነ፥ ኣብ ገዛኻ ጽናሕ።
- ኣእዳውካ፡ ደጋጊምካ ብማይ ውዑይን ብሳምናን ጌርካ፥ ን20 ካልኢት ዝኸውን ተሓጸብ።
- ምስ ካልኦት ሰባት ዘሎካ ርሕቀት፡ ኣብ ደገ ይኹን ኣብ ውሽጢ ገዛ፡ ብግቡእ ጌርካ ሓልዎ።
- ኣብ ኣውቶቡስ ይኹን ኣብ ባቡር-ታሕቲ ወይ ባቡር-ላዕሊ ከምኡውን ካልኦት ህዝባዊ-መጐዓዝያታት፥ ተረሓሒቕካ ኮፍ ከም ትብል ግበር።
- ፌስታ፡ ቀብሪ፡ ጥምቀት ወይ መርዓ ካብ ምግባር ተቈጠቡ።
- ምውስዋስ ኣካላት ኣብ ዚግበረሉ ቦታታት፥ ኣብ እንዳ-ሓምባሳይ፡ ምርሕሓቕኩም ሓልዉ፤ ነቲ ሓፋሽ ክዳን ከም መቐየሪ ዚጥቀሙሉ ቦታ ካብ ምጥቃም ውን ተቖጠቡ።
- ትኽእሉ እንተ ኾንኩም፥ ኣብቲ ተሳፈርቲ ዝበዝሑሉ ሰዓታት ካብ ምጕዕዓዝ ተቈጠቡ።
- ኣብቲ ኣዝዩ-ኣዝዩ ኣድላዪ ዝኾነሉ ጊዜ ጥራይ መገሻ ፈጽሙ።
- ዕድሜኻ 70 ወይ ልዕሊኡ ዝኾነ፥ ማሕበራዊ ርክባትካ ክትንክዮን፥ ፍሉይ ኣገዳስነት ዘሎዎ ነገር'ዩ። ሓፋሽ ህዝቢ ካብ ዚእከበሉ ቦታ ምኻድ ተቈጠብ።

ብዛዕባ ካብ "ኮቪድ19" ለበዳ ንነፍስኻን ንኻልኦት ምክልኻል ክትክእል፥ ብዝበልጸ ኣብዚ ኣንብብ፡- https://www.folkhalsomyndigheten.se/smittskydd-beredskap/utbrott/aktuella-utbrott/covid-19/skydda-dig-och-andra/

ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት፡- https://www.folkhalsomyndigheten.se/smittskydd-beredskap/utbrott/aktuella-utbrott/covid-19/skydda-dig-och-andra/information-pa-olika-sprak/

ቤትስልጣን ጥዕና-ህዝቢ፡ እቲ ብዛዕባ ተላጋቢ ሕማም ዝወጸ ሕጊ ብኸመይ ከም ዚትግበር ሓፈሻዊ መምርሒ ዚህብ ቤትስልጣን'ዩ። እዚ ማለት ድማ፡ ንኣብነት ብዙሓት ሰባት ካብ ዚእከቡሉ ማሕበራዊ-ጉባኤታት ዘይምስታፍ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር'ዩ። እዚ መምርሒ'ዚ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2020 ዘገልግል ኪኸውን'ዩ።